# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.61 | ሰሉስ 10 ሕዳር 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 — ኣአምሮኣዊ ምዝንባል




ገጽ 4 — ኣዕኑድ ብቕዓት መንእሰይ



ገጽ 8 — ምልክታት ባሕሪ - መድሕን መርከብን ባሕረኛታትን



ገጽ 9




ኣብ ህይወት ዘሎ ቃልሲ

ገጽ 11 — ሳቡር፡ ጎብለል ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ...




## ኣብ ኢጣልያ፡ ኩዌትን ኦስትርያን፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ዘተኩረ ሰሚናራት ተኻየዱ


ኢጣልያ

ኣብ ኢጣልያ፡ ኩዌትን ኦስትርያን ዝኸውኑ ኤርትራውያን፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ዘተኩረ ህዝባዊ ሰሚናራት ኣካይዶም።

ኣብ ኢጣልያ ብ1 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናራት፡ ጠቕላሊ ቁንስል ኣቶ ተኽለሰንበት ኢማም ኣብ ካታንያ፣ ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ኣብ ፔሰኻራ፣ ምኽትል ኣቦመንበር ሃገራዊ ሸማግለ ኢጣልያ ድማ ኣብ ፊረንሰ ተረኺቦም፡ ኣብ ኩበቢናን ዞባናን ተኻሲቱ ብዞዕባ ዘሎ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።



ኩዌት

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ሃኒ ሃገሮም ህዝቦምን መንግስቶምን ብምኻን መኽቶኦም ከምዘሕደሉ ብምግላጽ፡ ኩሉ ኣብኦም ዝሕተት ንምምላእ ድሉዋት ምህላዎም ኣረጋጊጾም።

ብ6 ሕዳር ኣብ ኩዌት ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ድማ፡ ፈጸሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ሑመድ ያሲያ ሓሊን ሓላፊ ምምሕዳሮን ፋይናንሰን ኣቶ ሳይሞን ተኽለሰንበትን፡ ብዞዕባ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ኣመልኪቶም መብርሂ ኣቕሪቦም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እኽሊ፡ ማሕበረትም ኤርትራውያን ነበርቲ ኩዕማ ሼና - ኦስትርያ ብ7 ሕዳር ኣብ ዝወደብዎ ህዝባዊ ሰሚናር፡ ልኡላውነትን ግዘኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ንምውሓስ ዘለዎም ድሉውነት ብምርግጋጽ፡ መደባት ሃገራዊ መኽቶ ንምዕዝዝ ሰለስተ ነጥብታት ዝሓዘ ውሳነታት ኣሕሊፎም።

## ተጋዳላይ መሰውድ እድሪስ ተሰዊኡ



ኣብል ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ - ገዲም ተጋዳላይ መሰውድ እድሪስ መሓመድ፡ ኣብ መባል 80 ዓመት ዕድመኡ ብ7 ሕዳር ብሕማም ተሰዊኡ።

ብ15 ሕዳር 1965 ናብ መጎርኃ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1970 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ መሰውድ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ማሕበራዊ ጉዳይን ህዝባዊ ምምሕዳርን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስቴር ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ከምኡ'ውን ጨንፈር ሚኒስቴሪ ንገዲን ኢንዱስቴሪን ዞባ ዓንሰባ ብጠዘራልዩ ጸናሕታት ሓሳፍነት ንሃዱን ህዝቡን ብተወጻይነት ዘሕልሕል ሓርጎኾ'ዩ።

ስመኡ ተጋዳላይ መሰውድ እድሪስ ብዞልሓዲርን ኣቦ ሽወዓት ደቅን'ዩ።

ሰሉርዓት ቀብሩ ድማ ብ8 ሕዳር ሰዓት 12፡00 ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መቕሙቓበር ሓርጎኾታት ከረን ተፈጺሙ።

ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ ብመሳተኦኡ ገዲም ተጋዳላይ መሰውድ እድሪስ መሓመድ ዝተሰመየ መረር ሓዘን እናገለጸ ንእድሪቡቱ መቓልስቱን መኾርሑቱን "ጽንዓት ይሃብክም" ይብል።

## ዋና ኣመሓዳሪ መንበረ ፓትርያርክ ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ ዓሪፈም



ዋና ኣመሓዳሪ መንበረ ፓትርያርክ፡ ኣባል ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራን ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ሱበኽት ደቡብ-ዓዲቐይሕን ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ፡ ናብ 9 ሕዳር ኣብ ዘወግሐ ሊይቲ፡ ኣብ መባል 94 ዓመት ዕድመኦም ብሕማም ዓሪፎም።

ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብዕረፍቲ ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ ዝተሰመየ መረር ሓዘን እናገለጸ፡ ሰኑስርዓት ፍትሓት ቀብሮን ናይ መውዳእታ ፈነወን ረቡዕ 11 ሕዳር ንግህሆ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ርእሱ-ኣድባራት ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያም ድሕሪ ምብጽሐ፡ ሰኑስርዓት ቀብሮም ንጸባሒቱ ሓሙስ 12 ሕዳር ኣብ ገዳም ኣቡነ-ሊባኖስ ሃም ኣብ ቅዱስ ከምዝፍጸም ይሕብር።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተራት ዝርከቡዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ማኦርን፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሸኛታት ናይ ሓዘን መግለጺ ክታሞም ንኽንብሩ፡ ሎሚ ሰሉስ ካብ ሰዓት 9፡00 ቅድሚ-ቐትሪ ክሳብ ሰዓት 5፡00 ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ናይ ሓዘን ዳስ ተተኺሉ ከምዝሎ፡ ቅዱስ ሲኖዶስ ብተወካኺ ይገልጽ።

## ኣፍዓበት - ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ንምምሕያሽ ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ንምምሕያሽ ዝዓለመ ዙርያ፡ ብ7 ሕዳር ተኻይዱዩ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ፡ ጨናፍር ሚኒስቴሪታት፡ ሱፐርቫዘራትን ርእሰ-መምህራን ዝተሳተፍዎ ዙርያ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መምህር መሓ ኣድም ኣብ ዘለመየ ቃል፡ ብልጫታት ብምዕቃብ ንዝበለጸ ውጽኢት ክሰራሕ ተሳብዩ።

ሓላፊ ሰ/ምምህርና መምህር ኣሕመድ ኣብር ኣብ ዞቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ዝተመዘገበ መጠን ምሕላፍ ኣብ'ቲ ናይ ቅድሚኡ ዓመት ከምዝበለዐ ብምጥቃስ፡ ነዚ ንምምሕያሽ ዝወጸ መደባት ንምዕዋት፡ ርእሰ-መምህራን ቀላሲ ተራኡም ክጸውቱ ጸዊዐ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ መደባት ዓመተ-ትምህርቲ 2027 ዘተኮሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጀብ ኣብ ዘለመየ መዘዙሚ ቃል፡ ጠንቂ ምትራፍን ትሑት ውጽኢትን ብግቡእ ተለልዩ ፍታሕ ንኽርከቡ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ምስ ወለዲ ጥቡቕ ዝምድና ክፈጥሩ ተሳብዩ።

ኣብ ን/ዞባ ኣፍዓበት 17 ናይ ማእከላይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

# ድባርዋ - ምህርቲ ብወፈራ ይእከብ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ምህርቲ ካብ ጸዮቐ ማዕጸድ ንምድሓን ካብ 29 ጥቅምቲ ጀሚሩ ብወፈራታት ተመሪሮ ይእከብ ከምዝለሉ ወከል ኤርና ሓቢሩ።

እቲ መደብ ኣብ መምሕዳራት ከባቢ መረብ ገዛላማ፡ ዓዲ-ገዳ፡ ዓዲ-በዘሓንኣ፡ ኣማድር፡ ዓዲ-ሎጐ፡ ተራ-እምሄ፡ ሸኸቲ፡ ደቂ-ጹንዓ፡ ክሳድ-ዳዕሮ፡ ገርጠጢ፡ ዓዲ-ቀ ተኹላ፡ ተማጅሳ፡ ዓደብዞ፡ ዛውል፡ ዓዲ-ሽረፈቶ፡ ዓዲ-ገብራይ፡ ኣዛይሓ፡ ዓዲ-ኩብለ። እላባን ዓዲ-ፈለስቲን'ዩ ዝጸየድ ዘሎ።

ሓላፊ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ግርማይ ተሰፋሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ካብ ዝተሓርሰ ኣስታት 24 ሽሕ ሄክታር፡ 19,124 ሄክታር ኣእካል፡ 3,840 ሄክታር ጥረታት፡ 260 ሄክታር ናይ ቅብኢ ኣዝርኢቲ፡ 320 ሄክታር ድማ መሸላ ጽግኢ ከምእተዘርኣ ብምግላጽ፡ ሓረስቶት ዝርኸቡ ምህርቶም ንምእኻብ ክቀላጠፉን መገቢ እንስሳታት ብግቡእ ክመሓድሩን ተላቢዩ።

ወፋሮ ንኡሪና ኣብ ገዛብዎ ሓበሬታ፡ ንስድራ ስዉኣትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ምሕጋዝ ሃገራዊ ግቡእ ከምዝኾነ ብምጥቃሱ እቲ ኻኢሽ ትምህርቶም ዝዀንዎ ዘለዉ። ሰራሕተኛታት ክብረታቶም ክሕሉ ጸዊዑ።

# ሻምብቆ - ንኣገዳስነት ተኽሊ ካሳቫ ዝምልከት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ማሟስትሪ ሕርሻ "ውሑሰን መኣዝውን መግቢ ፕሽሉ ኣብ ኩሉ" ዝብል ሾቶ ንምውቃዕ ብዙዀዶ ዘሎ ጻዕሪ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻንብቆ ኣብ ኣገዳስነትን ረብሓታትን ተኽሊ ካሳቫ ዘተኩረ ኣስተምህሮ፡ ንሓረስቶትን ሰብሞያ ሕርሻን ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ብምወላህድ ሃገራዊ ትካል ምርምር ሕርሻ ሓልሓለን ማእከል ሕርሻዊ ምርምር ሻምብቆን ተወዳቡ ብ1 ሕዳር ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ሓለፊ ሕርሻዊ ምርምር ኣቦ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ኣቶ መሰስ ንብረኣብሀር፡ ተኽሊ ካሳቫ ሕጦምትን ደርቅን ናይ ምጽዋር ግቅጣ ዘለዎ፡ ንመገቢ ሰብን እንስሳታትን ዘገልግል ከምዝኾነ ብምጥቃሱ ሓረስቶት ብሰፍሓት ክልምዕዎ ኣተሓሳሰብ።

ኣብ ሃገራዊ ትካል ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ ሓለፊት ኣሃዱ ሰኩመገ፡ ወ/ሮ ጸገንት ብርሃነ ብወገኖ፡ ካሳቫ ሓደ ካብቶም ጥዕናውን ቁጠባውን ረብሓታቶም ተረእዩ ዝተኣተወ ዘይጣዛወ ሰብኣዊ ሓገዝ ክረኽቡ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ሓረስቶት ብሓፈሻ ኣልማዕቲ ጀሪዲን ድማ ብፍላይ ኣብ ሕርሻዊ ምህርቶም ክዝውርዎ መኾረዉ።

ዋና ዳይሬክተር ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣቶ ጺጋይ ብርሃነ ድማ፡ ተኽሊ ካሳቫ ወሰናት ሓረስቶት ብዘየጠርዎ ፈተነን ብምርምራዊ ሰራሕን ብቑለሉ ክሳዱ ዝኾኽል ተኽሊ ምኻኑ ከምእተረጋገጸ፣ እቲ ኣስተምህሮ ድማ ብዘለፍሐ ንምትእትታዉ ዘጽለመ ምኻኑ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳኢት፡ ወከል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ኣቶ ታረቀ ኣባይ፡ እቲ ኣስተምህሮ ንኣገዳስነትን ረብሓታትን ካሳቫ ኣንሊሐ፡ ብዘለፍሐ ክተኣታቶ ዘተባብዕ ምኻኑ ገሊጾ።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሉእ ፍሰሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ስለሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቀ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳጸ 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብምሽሰትሪ ትምህርቲ ዝዓለመ ኣኩዓምያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝመሪ |
| 12:05 | ዓለም ሰ ጥቡብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ መኣዝን ልምዓት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሰነ ሕትመት |
| 15:30 | ብምሽሰትሪ ትምህርቲ ዝዓለመ ኣኩዓምያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደኽተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ስመናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 19:10 | ነዋነኩቡ ስፖርት |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ገዛም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ዘይናቱ ዝደሊ፡ ከም ሳእኒ ይበሊ!

ኣብ መፋርቕ መባል 20 ክፍለ-ዘመን፡ ኣብ ትሕቲ ኤወሮጳዊ መግዛእቲ ዝሸበረ ሃገራት ኣፍሪቃ ናጽነቶን ክረኽቡ ከለዋ፡ እዚ ሃገረውን ሱበኣውን መሳረታዊ መሰል'ዚ፡ ነታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጥልያን ዝሸበረት ኤርትራ፡ ብሰንኪ ኣብ ምብጊጋስ ዝሑል ኩናት ናይ ዝተኸሰተ ጂኡ-ፖለቲካዊ ቁርቁስ ኪዳናት ርእሱ-ሓይላን ተሓሪምዋ'ዩ። ንብዓል ሃንዳ ብሓዊ ደብሶ ከምዝሸሃል፡ ኣንጻር'ቲ ብዘየወላውል ዝተገልጸ ምርጫ ህዝቡ ኤርትራ ብጉልባብ ፊደረሽን ኣብ ትሕቲ ዘውዳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ክትቀ'ረን'ያ ተፈረዱ።

ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ፡ ሓርበኛ ኣቦና ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣን፡ "ኤርትራ ናጽነታ ከይረኽሰት፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ክረኽብ ማለት ዘዘት'ዩ" ብምባል፡ ብወሓዶትን ንጹራትን ቃላት ንምሕበረሉብ ዓለም፡ ኦቲ ክሰዕብ ዝኾኽል ነወጽን ምልዕዓልን ብኣግኡ ተጉበዮምን ኣጠንቂቑምን ነይሮም'የሞ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኦቲ ብየለሎቕን ዓመጽን ዝተሓፍነ ናጽነቱን ልኡላውነቱን፡ ብደሙ ከምዝረጋገጾ ገሊምት - ዘሎሞ ትገብት።

ኤርትራ ብረዚን መሳዋእቲ ኣብ ግንቦት 1991 ናጽነታ ምስ ኣረጋገጸት፡ ክኡብ ዳግማይ ድጉል ደግሲ ዝኾሰት፡ ኣብ ዞባና ዝሰረ ናይ ሰላም፡ ርግኣት፡ ሽርጉዕን ምዕባለን ሃዋህው ናይ ትማሊ ህያው ተዘክሮ'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣስታት 80 ዓመታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝተራእየ ዘይርጉእነትን ቅልውላዋትን እምበኣር፡ ፍረ ናይ'ቲ ርእሱ-ሓይላን ሃገራትን መጋበርያታቶም ዝኾቲ ስርዓታት ኢትዮጵያን ንኣመታት ዝተኸተልዎ ጂኡ-ፖለቲካዊ ጎጽ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ከባቢና ቀርኒ ኣፍሪቃ - እንተላይ ኣብ ወሽጠ ኢትዮጵያ - ንርእዮ ዘለና ወተሃደራዊ ግጭታት፡ ጎጽን ምጉብዛዝ'ውን ናቱ መቐጸልታ'ዩ።

ሰልፊ ብልጽግና ንኣህጉራዊ ውዕላትን ሕግን ብቅሉዕ ብምጥሓሱ፡ ብምኽንያት "ስትራተጅያዊ ኣገዳስነት" ወይ "ቁጠባዊ ረብሓ" ዝብሉ፡ ንልኡላዊ ማያዊ ግዘኣት ኤርትራ "ብወዲ ወይ ብግዳ" ንምቁጽጻር ዘካይዶ ዘሎ ጸውቅ ምንቅስቓስ፡ ንኣህጉራዊ ሕጊ፡ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ውሳነ ኣፍሪቃዊ ሕብረት፡ ነምኡ'ውን ንደቡት ኣፍሪቃን ውዕላቱን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ'ዩ። ኤርትራ ልኡላውነታ ንምሕላው እትገብሮ መኾቱ ድማ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ገቐመሉ መሳረታዊ መትካላት ንምክልኻል'ዩ።

ልኡላውነት፡ ናጽነትን ግዘኣታዊ ሓድነትን ሃገረ ኤርትራ ዘየማጉት፡ ዘይማሰነ ፍጹምን'ዩ። ብኣንጻር'ቲ ዘሎ ቀጻሊ ምትኹታ'ኸን ዘንቀደ ዘመተን ድማ መንግስቲ ኤርትራ ሰትራተጂ ልውል ትዕግስትን ግትኣተ-ኑብነን ክኸተል ጸኒሑ'ሎ።

ኤርትራ፡ ኣብ መሳረታውያን ዓንድታት ልኡላውነትን ግዘኣታዊ ሓድነትን እወጅ መርገጺ'ዩ ዘለዋ። ነም'ቲ ክበር ፕረዝደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1998 ብዘየወላውል ቃላት ዝገለጹ፡ መርገጺ ኤርትራ "ናትና ኣይንሰዓርኩ፡ ዘይናትና ኣይንደልን" ኣብ ዝብል ኣምር ዝተሰረተ'ዩ።

ኤርትራ፡ ንሰላም ዘለዋ ድሉውነት ኣብ ቦታኡ ኩይኑ፡ ኣብ ልኡላውነታን ግዘኣታዊ ሓድነታን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት - ብቅድመኩነትን ጎጽዊ ምፍርራሕን ሕድገት ይኹን ዘተ ኣይትገብርን። ካብ'ቲ ዝዘይናቱ ብምውራር ዝጀና ናብ ተወሳኺ ቅልውላው ክሸጋገም ዝሸንደይ ዘሎ ዕቡዳን ስርዓት ብልጽግና፡ ልኡላውነታን ግዘኣታዊ ሓድነታን ንምክልኻል ድማ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ገዚኡ ዘይንፈግ መሳል ኣለዎ።

# ዓዲ ቐይሕ - 260 ሽሕ ናቕፋ ደገፍ ንስድራ ስዉኣት ተዓዲሉ


ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ሰራሕተኛታት ዝተፈላለያ ትካላትን ክበርቲ ምምሕዳራት ከባብን ዘዋጽኡዎ 260 ሽሕ ናቕፋ፡ ብ5 ሕዳር ንኻ52 ስድራ ስዉኣት ተዓዲሉ።

እቲ ደገፍ፡ 146 ሽሕ ናቕፋ ካብ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ህግደፍ፡ ኢሚግረሽንን ዜግነት፡ ፖሊስ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን፡ ውሽጣዊ ጸጥታ፡ ማሕበራትን ሱቡ-መዚ ትካላትን፡ 114 ሽሕ ናቕፋ ድማ ካብ ክበርቲ 21 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዋጽኡ ኩይኑ፡ ንናፍሲ-ወከፍ ስድራ 5 ሽሕ ናቕፋ ከምእተዋህቡ ወከል ኤርና ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ፡ ኣብ ዘስመየ ቃል፡ እቲ ዝተገብረ ደገፍ ረዚን መልእኽቲ ከምዘለዎ ብምጥቃሱ፡ ብዝበለጸ ንኽስራሓሉ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ክንዝዘ ጸዊዐ።

መራሕቲ ሃይማኖት ብወገኖም፡ ኣብ ጎድኒ ስድራ ስዉኣት ምኻን ናይ ሕልና ዕረፍቲ ዝህብ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ኩሉ ዜጋ ክስዕቦ ተላብዮም።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰኔ ብዝለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዓዲ-ቐይሕ ዝተዋጽኣ 60 ሽሕ ናቕፋ፡ ን30 ስድራ ስዉኣት ከምእተኸፋፈለ ዝዘኸር'የ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ኣእምሮኣዊ ምዝንባል

ኣእምሮና ኣብ ደረጃ ዕብዮቱ ካብቲ ዝዮንዎ ዓቕሚ ምነ ዝሸድል፡ ኣእምሮኣዊ ምዝንባል (intellectual disability) ኢጋጠሙ ክንሰሎ ኻኽእል። እቲ ደረጃ ዕብየት ናይ ኣእምሮ - ኣብ ዘርእዮ ብልሒ፡ ሓደስቲ ነገራት ኣብ ምምሃርን ምርዳእን ክምኡ'ውን ዕለታዊ ንጥፈታት ንክፍየድ ኣብ ዘድሊ ዋህዝ/ ክኢለት እዩ ዝምርኮቱ። ጸልዋ ናይ ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ብዘለፍሐ መንገዱ ክፈለለ ይኽእል እዩ። ገለ ግዴያት ናይዚ ጸገም ዘርኢዎም ጸልዋ ንኡስ ኮይኑ፡ ብዘይ ናይ ሱብ ሓንዘ ባዕሎም ንጥፈታቶም ክፉይዱ ዝኽእሉ እየ ምዃኑ። ገለኣም ድማ እቲ ዘወረደሎም ጸልዋ ኣዘዙ ግዙፍ ብምኻኑ፡ ዕሚም መመላእታ ብዘይ ናይ ካልኦት ሰባት ሓንዘ ፈጺሞም ክሰርሑ ዝኽእሉ ኣየኻኑን።

ኣእምሮኣዊ ምዘንባል፡ ሓደ ሱብ 22 ዓመት ቅድሚ ምርጋጹ ኣብ ዘሎ ዝኾነ ዕድመ ክርኢ ይኽእል። ዋላ'ውን እቲ ህጹን ቅድሚ ምወላዱ።

ሓደ ህጹን ኣእምሮኣዊ ምዘንባል እንተጋጠምዎ፡ ኣእምሮኡ ግዝኣ ደረጃ ዕብየት ኣየርእን። ወይ ኣእምሮኡ ኣብ ገለ ክፋሉ መገዲኡ ወረድዎ ክኾነሉን ይኽእል። ነዞም ሳዕቤኑ ሓንሳሉ፡ ኣብ ደረጃ ብልሒ ክዕኡ'ውን ነገራት ኣብ ምርዳም (adaptive) ቡቲ ዝድለ መጠን ክሰፍፍ ኣየትኣልን። ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታን ሓፈሻዊ ርድኢታን ሕጽረት ስለ ዘዕቡ ጠንቂ ተጽዕኖ ይኾውን። ነዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ ሓዲሽ ነገር ክርድኡ/ ክመሃሩ ዝኾኑሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ካብቲ ንብር ሱብ ግና ብዙሕ ግዜ ደወስደሉም።

### ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ልሙድ ተርእዮ ደቂ

ኣምሮኣዊ ምዘንባል ዘይልሙድ ተርእዮኡ እንተኾነ ብደረጃ ዓለም እናሰፍሐ ይኸይድ ነዚ ዘሎ ይንገር። ካብ ህዝቢ ዓለም ካብ 1 ክሳብ 3 ሚእታዊት (ማለት 200 ሚልዮን) ሰባት ግዳይ ክኾብር እኽለኩ። ካብ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝዮዳ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ይርኢ።

ምልክታት ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ኣብ እከብ ናይ ዝተፈላለየ ክኢለት ሃርእዮ ጸገምት ዝተሓጽረ ኮይኑ፡ ንተምህርታዊ ክእለት፡ ማሕበራዊ ክእለት ነዞኡ'ውን ዘቤታዊ ክእለት የጠቓልል።

### ምነ ብልሒ ዝተኣህር ምልክት

'ብልሒ' ምነ ኣብ ነብኒኻን ኣብ መላእ ዓለምን ምነ ዘሎ ነገራት ክንረዳኣሉ ዝኾነ ኣምር እዩ። ካብ ባህላዊ ኣውጽራን ቋንቋን ሓሊፉ፡ ብዝሰ ሕሱብን ኣእምሮኣዊ ብልሒ (IQ) ብዝወሰብ መምዝኒታት ይልኸፅ። ምነ ብልሒ ዝተኣህር ምልክት ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ማለት ዝዀም ሰባትም ተዘርጊዎም ዘለዉ ነጥብታት ምነኣው ማለት እዩ።

• ሓዲሽ ነገር ክትመሃር ወይ ክትርዳእ ምድንጓየት ምርኢይ። እዚ ኣብ ትምህርቲ ወይ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታትካ ኣብ ዘጋጥመካ ነገር ክኸውን ይኽእል።

• ኣብ ፍጥነት ምምላብ ጽሑፍ ዝሐልል ምጓጉ።

• ርትዓዊ ኣተሓሳሰብ ወይ ምኽንያት ኣብ ምቕራብ ክትጸገም ምርኢይ።

• ቀሪጸን ወነንን ክትከውን ዘይምኽኣል።

• ዚንቦመላ ጸገምት ኣብ ምፍታሕን ዝሓሸ መንገዲ ኣብ ምንዳይን ቅልጠፍ ዘይምጓጉ።

• ነገራት ክተደህሰም ዘይምኽኣል።

ልዕለታዊ ባህሪ (Adaptive behavior)

ልዕለታዊ ባህሪ ምነ ነብኒኻ ዝሃነ ጣዕብ እናፈጠርካ ኑሰነካ ክኢልካ ክትኣብር ዝኾብር ክእለት እዩ። እዞም ሰዓጋም ተዘርጊርም ዘለዉ ጠባይቲ ኣብ ልዕለታዊ ባህሪ ጸገም ነም ዘሎ ዘርእዩ እየምኡ።

• ኣብ ምጥቃም ዓይኒ ምድሪን ነፍሱገሽሕናን ምድንጓይ ምርኢይ። እዚ ኑሰነካ ምሕጹቡ ክኖንኾ ብዝኽእ ዘይምኽኖን ወዘተ ከጠቓልል ይኽእል።

• ኣብ ማሕበራዊ ዕበየት ድኾም ምርኢይ።

• ዘይተፈልጦ ጋሻ ሃንደበት ክገጥመካ እኽለኩ። ዘይምፍራሕን ሰጋጥ ናይ ምባል ስምኒት ዘይምርኢይ።

• ሳቢኻ እኽለኻ ኣብ ምጥቃም ዓይኒ ምድሪ ይኹን ምሕጹብ ሱቡት ብዘይ ሕኽኽ ሓንዘ ናይ ኣባት ስድራኻ ምሕታት።

• ስራሕ ዝ ይኹን ካልኦት ብክሪ ምነ ግዜ እናመለኽኖም ንኸይድ ልመዳት ጣዕቡ ቀልጠፍና ክንሕዝም ዘይምኽኣል።

• ግዜ ናይ ምልክዕ ኣምጦን ገዝዘ ኣለኒኻ ክትፈቕዶም ዘይምኽኣልን ጸገም።

• ኣብ ሕፁምናዊ ቀጺራን ሰዓታት ምወላድ መደሃስትን ምስእ ብምስእ ኣብ ሓንዘ ካልኦት ሰባት ምውዳቕ።

• ዶባት ናይቲ ትኑበረሉ ባህልን ማሕበራዊ ልምድታትን ክተለልዮ ዘይምኽኣል።

### ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ዘለዎም ህጹናት ዘርእይዎ ምልክታት

• ድኽመት ኣብ ኣእምሮኣዊ ብልሒ (IQ)፡

• ካብ ካልኦት ህጹናት ደንጉዩ ነፍ ምባል፡ ምንፋሓኽን ብኣግሪ ምገዳዝቡ።

• ብዋበኽ ነፀሃርን ክዘረብን ዘይምኽኣል።

• ብቐሊሉ ነገራት ዘይምዙር።

• ነገራት ክሰዕቦም ገኽኣሉ ሳዕቤን ኣቐዲሙ ክገንዘብ ዘይምኽኣል።

• ብዋበኽ ዘይምሕጉበን ምስኑብዝልን።

• ዘርእዮ ዕሸላዊ ጠባይ ምስ ዕድመኡ ዘይሰማማዕ።

• ሃጠጉይት ዘይምህላው።

ሓደ ህጹን ኣእምሮኣዊ ምዘንባል እንተለዎ ገለ ካብዞም ዝዝዕቡ ጠባያት የንጸባርቑ።

• ዓመጽ/ ንዎርምና (aggression)።

• ጸግዕተኛነት (dependency)።

• ኣደህቦ ናይ ምስራቕ ጠባይ።

• ምሕንጋድ።

### ደረጃታት ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ልኡም ኣእምሮኣዊ ምዘንባል

ገለ ካብዞም ምልክታቱ–

- ምዘራብ ክትመሃር ሃዊሕ ግዜ ምወላድ። ምስ ፈለግካ ግና ብዋበኽ ክትዛረብ ምኽኣልን ምድላይን

- እናሃደካ ብዘይሰድኣሉ እዋን ኑሰነካ ንምኣላይ ምለእ ሃጽዮ ክህልወካ ምርኢይ

- ናይ ምንባዝን ምጽሓፍን ጸገም ምህላው

- ማሕበራዊ ዘይብሰሉነት (social immaturity) ምርኢይ

- ኣብ መርግን ምምራሕ ስድራን ሓላፍነታዊ ካብ ምዃን ዘርሕቕ ጸገምት ብዝበዝሐ ምርኢይ

- ትወንና ደረጃ ብልሒ ኣእምሮ ካብ 50 ክሳብ 69 ኣብ ዘሎ መቓን ምዃኑ።

### ምጡን ኣእምሮኣዊ ምዘንባል

### ኣብ ምጡን ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ዝርከብ ህጹን ዘርእዮም ምልክታቱ–

- ኣብ ኣረዳድኣን ኣጠቓቕማ ቋንቋን ክዘልሰል ምርኢይ

- ምስ ሰባት ክዘራረብ ምጽጋማ

- መሳረታውያን ናይ ምንባቡ ምጽሓፍን ምፍቃድን ክእለት ጥራይ ምወሩን

- በይኑ ክጸንሕ ወይ ክሰርር ፈጺሙ ዘይምኽኣል

- ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ንጥፈታት ጦብኡቑ ምባል

- ዝወንኖ ብልሒ ኣእምሮ ኣብ መንነ 35 ክሳብ 49 ምዃኑ።

### ከቢድ ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ምልክታቱ–

- ፈጺሙ ኮመዘን ዘይምኽኣል

- ኣብ ማእከል ስርዓተ መትኒ መጉዳእቲ ምህላው ወይ ብዮጠእ ክምዕብል ዘይምኽኣል

- ኣብ መንነ 20 ክሳብ 34 መቓን ናይ ብልሒ ኣእምሮ ምህላው

### ኣዝዩ ከቢድ ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ምልክታቱ–

- መምርሒታትን ሕቶታትን ብዋበኽ ክትርድኦምን ክትምእዘምን ዘይምኽኣል

- ብዋበኽ ካብን ናብን ክትንቀሳቐስ ዘይምኽኣል

- ብሓፈሻኡ ሱቡትኣ ብፍላይ ደማ ሸንኮን ቀልቀልን ክትቀጻጸር ዘይምኽኣል

- ክትዛረብ ዘይምኽኣል

- ትሕቲ 20 ብልሒ ኣእምሮ ምወናን።

### ናብ ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ዘብጽሕ ጠንቂ እንታይ እዩ

ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ወይ ዝሕታለ ኣእምሮ ጉሓደ ሚእታዊት ናይ ህዝቢ ዓለም ክፀሉ ነዞም ዝኾኑ መጽናዕትታት የመልክቱ። ዕድመን ባህርያትን ናይ ኣመዛብልኡ ደማ ኣብ ጠንቀን ብርክብ/ ድኾምን ኣብ ሓንዘ ይዎርክቡ። በዚ መንጽር እቲ ሕማም ካብን ናብን ሱብ ንምልላዩ ዝወሰድ ንወሓት ግዜ ዝተፈላለየ ይኸውን።

ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ብዘወርሳኣዊ ወይ ሰራኣሳዊ (Genetic and physiological) ጠንቅታት ዝመጸ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስድራቤታዊ ጠንቅታት ኣብ ጂን፡ ምምዘንባል ክሮማዞም፡ ዘይንብር ቅርጺ ሓንሳል፡ ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝርኢ ሕማም ናይ ኣደ፡ ምስ ሕርያን ጥንሲን ዝተኣሳሰሩ ጸገምት፡ ነዞም ዋሕዲ ኣቑሰሮን ዝኣመሳሰለ ድሕሪ ቅልዓ ምወላድ ዘጋጥሙ ጸገምት፡ ማእረምቲ ኣብ ሓንሳል፡ ሕማም ምንፍርሳር ገለ ካብዞም ተወርሳኣዊ ወይ ሰራኣሳዊ ጠንቅታት ኣእምሮኣዊ ምምዘንባል ይጥቀሰሉ። እዚ ዓይነት ሰንኮልና'ዚ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዝዮዳ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ይርኢ። እዚ ድማ ደቂ ተባዕትዮ ዝዮዳ ንመገሳእቲ ዝተቓልዑ ብምኽንያም መጽናዕትታት ይግመት።

### ገለ ካብዞም ናብዚ ኣእምሮኣዊ ጸገምዚ ክወስሑ ዝኾኑሉ ጠንቅታት ዝርዝርና ምስ እንርእዮም–

• ሰንኮል ቅድሚ ምወላዱ ዝዞዮሞ ጸገምት - ንኡቡት ቅድመ ቦጹሕ ወሊድ ወይ'ውን ክወላድ እኽሎ እኽል ኣህጽን ዘይሚጉቡ

• ተወርሳኣዊ ምዘንባል - ንኡቡት ጸገምት ኣእምሮኣዊ ሰንኮልና ኣብታ ኣደ ክኸውን ይኽእል

• ዘይምዕራይት ክሮማዞም (chromosome abnormalities) - 'ዳውን ሲንድሮም' (Down syndrome) ነም ኡቡት ይጥቀሱ።

• ብፕሪፋይት (lead) ወይ ብሜርከሪ (mercury) ምምራዝ

• ሕጽረት መኣዝን ካልኣ ናይ ኣመጋግብ ጸገምትን

• ኣብ ግዜ ህጹንነት ዚንቦሙ ነበድቲ ሕማምት - ንኡቡት ንፍዮ ወይ ኣንቀጺ

• መጉዳእቲ ሓንሳል ወዘተ ኣየምኡ።

ኣእምሮኣዊ ምዘንባል ንዘለዎም ቁልዑ ዝወሰብ ክንሽን

• ቡቲ ዘርእዮም ዘይልሙድ ኣህላዊ ምንቅስቓስ ንሓደጋ ዝተቓልዑ ምስዘርኾኑ - ብዘተናእለ ዓቕሚ ወሓሳ ኣሰባ።

ክትፈጥረሉም ምፍታን እቲ ብቑዳምነት ዝወሰብ ክንሽን እዩ። ንሱባኣም ክስድኡ ዝኾኑል ደቂቕትን በኣኽትን ነገራት ካብ ነብኒኦም ምእላይ። ቀጻሊ ዝየቀመሉን ዝጀወዘሉን ንብረት ብቑረባ ክረኽቦም ኣብ ዝኾኑሉ

ነብኒ ምቕማቡ። ሕማም ምንፍርሳር ዘለዎም ምስዘርኾኑ ድማ ግዝኣ ምንክታል ምግባር።

• ምስ ዘርእዮም ዘይንብር ምንቅስቓስ ኑብኣም ብዘየንእ ክኣልዩ ምስ ገዝኦሙ - ፈጺማ ኣብ ኑብኣልዮ ዘርእዮም ጉድለት ንጹርካ ምልላይ። ኑቲ ጉድለት ቀስ ብቐስ ዘመሓይሸሉ መንገዲ ምጥጣኑ። ቀለልን ንጹርን መምርሒታት ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ሓንቲ ጉድለት ከይተማህረ ካልኣ ክንምህሮ ዘይምፍታን።

• ምስ ሰባት ናይ ምርኻብን ምዘርራብን ጉድለት ዘለዎም ምስ ገዝኾኑ - ቀጻሊ ዘዘራርንም ሱብ ምህላው ኣገዳሲ እዩ። እቲ ግዴይ ናይ ባህሉ ኣዎልጸ ክህልዎ ስለ ገዝኦሉ እቲ ምስኡ ቀጻሊ ዝራኽብ ሱብ ኑቲ ዝህቦ ምልክታትን ዘወጸኦ ቃላትን ቀልጠፉ ክርድኦ የድሊ። ብኾነኡ ደማ ምስ ካልኦት ክትሰዶ ንዝኾኑሉ ርክባት ብቐስሉ ክፍጽሞ ይክኣሉ።





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ስነ-ጥበብን መኸተን

ኣንታ 'ዛ ኤረይ ክጽብቕ ዕድላ
ዘዝተወልደ በኟ ዘኾነላ

እትብል ክፋል ናይ ሓንቲ ሕደማ - ልክዕ ከምኡ ትኹን ኣይትኹን፡ ምኽንያቱ ኣብ ገለ 'ኣንታ'ዛ ዓደይ ክንደይ ተዓዲላ' ክትብሃል እሰምዓ'የ - ብቐጻሊ'የ ዝደጋግሞ፡፡ ብዕምቆት ንኸስተማቕሮ፥ ኣዒንተይ ዓሚተ፡ ኣዕሚቐ ኣስተንፍሰ፡፡ ተሃኡ ከም ዘውጽኣ ወልፈኛ፡ ፍሰሁ ሩፍ እብል፡፡ ከምዚ ዝዑብዩ ክፋላት ናይ ሕደማታትና ማእለያ የብሎምን፡፡ ኣብ በይነይ ጥራይ ከኣ ኣይኮነን፣ ኣብ ከባቢየይ፡ ልዕለይ ዝዑብዩ እዕዙበ'ሞ፡ እቐንእ፡፡ እዚ ናተይ ስምዒት ጫፍ ጥርዚ'ዩ ክበል ጸኒሐ፡ ኣጸቢቐም ዝሓልፉዊ ምስ ረኣኹ፥ ዝያዳ እሓጎን፡፡ ከምኡ ዘዓብረ እንታይ ምኽንያት ኣብ ቀጻሊ ሓሳብ እንክለኹ፥ ሓደ ዓዘም ተቐናያይ ጎፍ በለኒ፡፡ ገጠምቲ ንዝገራት ብጥልቂ ዕምቆት ናይ ምግላጽ ዓቕሞም ተወሂቦን ኣሎምም፡፡ እዚ ተቐናያይ'ዚ፡ ዝ ዘሎ ኩነታት ከመይ ከም ዝገልጾ ክፈልጥ ተሃንጥየ እየ ቀጺየ፡፡ ናብታ ተጓንፎ ከበለኩም፦

### ኤርትራውነት ኣካል ዕቡዳይ እዩ!

ትማሊ፥ ምስ ሓደ ዓቢ ሓሳብ፥ ተቐናዩ፡ በየነ ሃዝ ግጥሙ፡ ኣብ ሓንቲ ጸቢብ ጎደና ጎፍ ተበሃሂልና፡፡ ብስልኪ'ምበር ብኣካል ካብ ዘይንራኸብ ዳርጋ ወርሒ ኮይኑ ነበረ፡፡ "ኣንቲ ዓይነይ፥ ንመን ኢኺ ተርእዪ ዘለኺ?" በሊየ ሓወሲ ምእማኑ ዝሰኣንኩ ክመስል፣ ዕላሉ እናፍቐ'የ፡፡ "እሰክልኪ ዓይነይ!" እትብል እተዕበየ ቅኝቱ ዘከረ ከኣ'ባ እኸውን ንዓይነይ ዝተወከስኩዋ፡፡ ዝ እዋን ከመይ ከም ዝገልጾ ክፈልጥ ደልየ፡ "ናይዚ እዋን ንብሩ" ሓተትኩዋ ድሕሪ ንቡር ሰላምታ፡፡

### "ዕቡዳን ኤርትራውነት ዘለዓል'ዩ!" በሉኒ፡፡

"ኤርትራውነት የዕበደና'ዩ፣ እቲ ቀደም ክንጋደል ክንወጽእ ከለና ንኣሽቱን ጸቡቓትን ኢና ነይርና፡፡ ብዘዕበድ ፍቕሪ ኤርትራውነት ደማ ናብ ሜዳ ወጺእና፣ እዚ እዋን ዕቡዳን ኤርትራውነት ዘለዓል'ዩ" ክብል'ዩ ገሊጹለይ፡፡ ሻቡ ብዙሕ ሓሰብኩ፥ ሰድራቤቱ ገዲፉ/ፋ ዝጋደለ፥ ደቃ ሓዲጋ እትጋደል፡ ትምህርቱ ኣቋሪጹ ዝጋደል፡ ማሕረሱ ኣጸጊዑ ዝጋደል. . . ኩሉ ናይ ገድልን መኸተን ዛንታ'ዩ፡፡ ዚ ዝድርኾ ደማ ዘዕበድ ፍቕሪ ኤርትራውነት'ዩ - በየነ ከም ዝበሎ፡፡

"ሓንቲ ግጥምሰ ክጽሕፈልካ እናሓሰብኩ'የ፣ እዚ ኤርትራውነትሲ ኣካል ጽላልና እዩኖ! ንጽለሉ ኢናኖ!" በሊ'ሞ፡ ሓሳቡ ጠላሕ ኣሉንሲ ነታ ግጥሚ ቀልጢፉ ንኽጽሕፉ ቃል ኣእትየሉ፡፡ ድሮ ክጽበዮ ጀሚረ'ለኹ፡፡

"ኣካል ጽላልና" እትብል ኣበሃህላ፡ ማሲጣ ማሲጣትኒ፡፡ ብፍቕሪ ዕቡድ እትበለሉ፥ እትጽለሉ ሃገር ክሳዕ ክንደይ ንውሳኻ ከም ዝበሕቶን ኩሉ ዝሓቶ ዋጋ ክትከፍሉ ድሉው ከም እትኸውንን ኣይንስሕቶን፡፡ እንቋዕ በዚ ኤርትራ እንጽለል ኮንና፡፡ እንተ ዘይንኸውን፡ ቀደም ግዳይ ኣዝብእ ምኾንና፡፡ ካብ ኣፍ ሓራግጽ ኣውጺእና፡ ካብ ኣዝብእ ከድሕና ዝዓበረና ሓይሊ ደማ እቲ ብኣኣን ስለኣን ምጽላልናን ብፍቕራ ምዕባድናን'ዩ፡፡ ኣዕቢድ ዘብል ፍቕሪ ሃገር'ኳ'ዩ ኩሉ ዘረስዐን ኩሉ ዘኽውንን፡፡ ከምቲ ተቐናዩት ሓርበኛ ማማ ዘይኑብ ያሲን "ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ሃልሃልታ ፍቕሪ ሃገር ጥረ ስጋኺ መብስለ!" ዝበልቶ'ኮ'ዩ! እሰኪ ከም ስነጥበበኛታት ፍቕርና ንኤርትራን ኤርትራውነትን ብኹብ ዝበለ ደረጃ ንግለጾን ኣብ ሓፋሽ ነስርጾን፡፡ እታ ዝበለጸት መግለጺ ደማ ኣብ መዘኑብ ክትሰፍር'ያ፡፡

ንዘይትጽለሉ ሃገር ከም ብሌን ዓይንኻ ኣይትሕልዋን ኢኻ፡፡ ዘይትዓበደሉ ሃገር፡ ወትሩ ዝኣሉ ኣይሕዘቦን'ዩ፡፡ እዚ ዝኣሉ ዝሕዝና ፍቕሪ ኤርትራውነት እምበኣር'ዩ ወትሩ መኪትና ከም እንኸውን ዝገበረና፡፡ ናይ ሓበር መለለዩና ብምኳኑ ደማ ከም ህዝበን ሃገርን ሓደ መንነት ይህበና፡፡ ኤርትራውያን ስለ ሃገርም "ከተኻትን መኪትትን" ዘብለና፡ ከም ባህሊ ዘሰረጽናዮ መለለዩና ሕሉፍ ታሪኽ ኣሎና፡፡

ድሕሪ'ታ ሓጺር ደውታዊት ርክብና፡ ንበየነ ክፍለዩ እንክለኹ "ኤርትራውነት ኣካል ዕቡዳይ" ምኳኑ እውን ነገሩ ነታ ግጥሚ ቀልጢፉ ክውድኣ ኣዘኻኺረዮ፡፡ እዚ ናይ ዕቡዳን ጽላለን ጉዳይ ኣብ ኣፍላ ንእስነትና ዝያዳ ይስወጠና ነይሩ ይኸውን'ዩ፡፡ ዘረባ ወለድና፡ መማህራንና፡ ጎረባብትና፡ ኣዝማድና፡ . . . ዘየስምዕ ዕቡዳን ፍቕሪ ይለኽፈና ነይሩ'ዩ፡፡ "ዕበድብድ ኢሉልካ! ጨርቀይ ደርብዩልካ! ተጸለለልካ!" ዝብላ ቃላት ኣብ ፍቕሪ ንእስነት ህበባት'የን፡፡ ዘይግበር ዘዕበረ፣ ሓጺር ዘዘልላ፣ ካብ ቤትካ ዘለክ . . . ምንባርን እዩም ዝተረኽቡ ዝያዳ ይስወጠና፡፡ እዚ ግን ናይ ውልቂ'ዩ፣ ኣብቲ ናይ ሓበር እንጽለለሉ ጉዳይ ሃገር፡ ደምር ከምዚ ዝኣመሰለ ዕምቆት ጽላለ'ዩ፡፡ "ተጸለለለይ እባ" እትብል ግጥሚ ናይ ሓንቲ ገጣሚት እውን ህሩግ በለትኒ፡፡

ብኤርትራውነት ምዕባድ፡ ምጽላል፡ . . . እምበኣር፡ ዝተወራረሰ ፍቕሪ ሃገር ዘቀሎ ክቡር ዋጋ ዘኽፍል፣ እታ እንኾን ዘይትምለሰን ህይወት ዘወፍዩ - ሰማእታትና እንዶ ንዝከር!

*****

እዛ ጽሕፍቲ ተጓንፎ'ዚኣ፡ ኣብታ እናነበበት ትኸይድ ዘላ ER MEDIA እያ ኣንቢበያ፡፡ ኣብዚ'ባ'ለኻ ሓኸለ ዘረባ/ መግለጺ ደማ በልኩ፡፡ ስነጥበበኛታት፡ ነቲ ስምዒት ሓበር ኣብ ውሽጦም ብምጥሓል ጸባቓ ብዘሎዎ ኣገባብ፡ ቋንቋ ጥበብ ምስ ዝበሉዎ'ዩ እናጸለወ ዝኑብርን ወለዶታታ ዘራኽብ፡፡ ኳና ቃላት ሰሪዕካ ግጥሚ'ዩ ክትብል ትኽእል ኢኻ፣ ግን ኣይኮነን፡፡ ሃሳስ ሕብርታት ደባዲቕካ ቅብኣ'ዩ ክትብል ትኽእል ኢኻ፣ ግን ኣይኮነን፡፡ ዓንገረር ኢልካ ደርፌ'ዩ ክትብል ትኽእል ኢኻ፣ ግን ኣይኮነን፡፡ ምባል መን ይኸልኣካ፤ እቲ ሕቶ ግን እንታይ ኢልካ'ዩ፡፡ ስነጥበብሲ ብጽባቐታት ዝልል፣ ከምቲ ንጸገበ ምጽምጻ ደልየም ኣናህብ ዝጻለሉዋ፣ ከምታ ንውቅቡ ጎርዞ ኣጉባዘ ንመናብርቲ ዘልኣለም ዝበህጉዋ፡ . . . ዘልኣለም ዝኑበር'ዩ፡፡ ዕውት ስነጥበብ ዝበሃል - ሓደ ካብ ቀንዲ መለለዩታቱ - ኣብ ሰሚ ፈርዩ ኣብ ሰማን ጸግሒን ዝኑበር ምኳኑ'ዩ፡፡ ንኺ'ንዶ ንዘክር፦

"ሃገረይ ዝበለ ተዘኪሩ ይኑበር" እትብል ኣኾልጸ ንብዓ፡ ምልእቲ ሕደማ'ያ ወይ ናብ ነብራት ምስኣ'ያ ጸርያ እብል ኣነ፡፡ ኣነ ደኣ እንታይከ ዘይብል! "ኣሰላማይ ክሳታናይ ወዲ ቕላ ደጋ/ ንምኽሪ ጸላኢ ኣይትዛኾ ዋጋ" "ሽገይ ሃቡኒ"፡ "ወደባት ዓደይ"፡ . . . ኣብ እትሰምዓሉ፥ ስምዒትካ ክንዲ ቀጸጸርካ ዘኸእሉ እዋን ይፍጠር'ዩ - ብፍላይ ኣብ ናይ መኸተ እዋን ምስ እትህሉ፡፡ ገለ ውሑዳት በቲ ዝሰምየ ቋንቋ ዝቐረባ ደኣ እጠቅስ ኣለኹ'ምበር እቲ ዝርዝሩ ካብ ያታዊ ናይ መኸተ ደርፍታት ሕብረተሰብና ክሳዕ'ዚ ሃተፍተፍ ባሕሪ ዝበሃለሉ ዘሎ እዋን ስነጥበብና ብኹሉ ቋንቋታት ሃገርና መካቲ ኮይኑ'ዩ ሓወልቲ ኣረጋጊጹ፡፡ ንህዝብና ብሓበር ናብቲ ሃገራዊ ሕቶ ከም ዝዋስእ ኣብ ምግባር ደማ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ፡፡ ደርፍታት ጥራይ ዘይኮኑ ኩሉ ዓሌታት ስነጥበብ ሃገርና እዩ ቅድመ-ግንባር ተሰሊፉ፡፡ ቀዋሚ ገጠምቲ፡ ደረስቲ፡ ጸሓፍቲ፡ ሰኣልቲ ተዋሳእቲ. . . ብቐጺሉ ስነጥበብ መኸተ እዩም ተመራሒም፡፡ ኣብ ዓወትን ቀጻልነትን ናይቲ ቅኑዕን ፍትሓውን ሃገራዊ ዕላማ ደማ ርኡይ ኣበርክቶ ገይሮም፡፡

ብዙሓት ሰባት ብደርፍታት 1960ታትን 1970ታትን ተደሪኾም ናብ ገድሊ ኤርትራ ከም ዝተሰለፉ ይገልጹ'የም፡፡ "ኦናሃሊት ሩባ ዓንሰባ" "ወደባት ዓደይ"፡ "ሽገይ ሃቡኒ"፡ "ሃገረይ ዝበለ"፡ "መለይ"፡ . . . ዝኣመሰሉ ደርፍታት ኣብ ደም መንእሰያት ናይቲ እዋን ብምስራጽ፡ ናብቲ ዝተጎዝጎዘ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝውሕዙ ገይረን'የን፡፡ "ወደባት ዓደይ" ንኣብነት፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ሰፊሕ ተቓውሞ ጸረ-መግዛእቲ መሪሕ ጭርሖ ብምኳኑ ኣብ ማሊያታት ተሓቲማ ብመንእሰያት ተለቢሳን ተደሪፋን፡፡ "ላሎ'የ ላሎ፡ ወደባት ዓደይ ደርኣየኒ'ሎ!" ዘይበለ ይኽሰስ ከም ዝተባህለ ሃገራዊ ዝበለ ዛ ደርፊ ከም መዝሙር መግለታዊ ብምድግጋም ኣብ መንፈሱ ኣሰሪጹዋ፡፡ እተን ወደባት፡ እዘን ሕጂ'ውን ጸላኢ 'ንጠጥኩኽን ጡሓርኩኽን' ዝበለን ዘሎ'የን፡፡ ኣብ ዕሽክት ጸላእቲ ዝተቐየረ የለን፣ ኣብ መትከል ሃገራውያን ደማ ዝቐየረ የለን፣ እተን ወደባት ወትሩ ናይ ኤርትራ ኮይነን ንኽኑብራ ዘይወሓዶ ዋጋ'ዩ ተኸፊሉወን፡፡ እቲ ስነጥበባዊ ዕዮታት እምበኣር፡ ነቲ ዝኸፈል ክቡር ዋጋ እውን ሞሳ ይህቦ'ዩ፡፡ ደምሲ ህዝቡ ብምኳኑ ብልዑልን ልቢ ዝተንከፍን ርቀት ቀረቡን ይቐርብ ኣሎን፡፡

*ኤርትራ ኣንቲ ሸዊት ለማለም*
*ክትለብሲ ኢኺ ሓርነት ዘልኣለም. . .*

ክብል እንክሎ ደራፊና፡ ሓርነት ዘልኣለም ብኸመይ ከም ዝልበሰ'ውን ይምህረና'ዩ፡፡ ኣብታ ህቡብቲ "ብጹተይ" ዝኾነት ካብ ናይ ገድሊ ኤርትራ ሓንቲ ደርፊ፦

*'ቲ ጸሃይ ሚይ ክንዲ ጠዓምትና*
*እቲ ዘበዘበ ክንዲ ዕረፍትና*
*ኣብ ዱር ጊዜል ድኻም ከይጸብጸብና*
*ኣሰሩ ክበርስ ወራርና*
*ብጹተይ ብጹተይ ዕልልታ ኣሰዒና*
*ንደርቢ ቦማና፡፡*

ዝብል ንረኽብ፡፡ እቲ ብቐጻሊ ዝድርበ ቦምባ፡ ሓጺን ክኸውን ይኽእል፡ ክንዲ ሓጺን ዘውንጨፍ ዕዮ ስነጥበብ እውን ክኸውን ይኽእል፡፡ ስነጥበብና፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእቲ ዝደርበዮ ቦማባታት ስነጥበብ ልዕሊ'ቲ ሓጺን ዝማዝን፣ ልዕሊ ርኬት ዝውንጨፍ፣ ልዕሊ ድሮኒ ሓጺን ዝተርር እዩ ነይሩ፡፡ ካብ ወራር ኢትዮጵያ 1998 ክሳዕ'ዚ እዋን'ዚ ዝፈረየን ዝፈሪ ዘሎን ደማ ኣብዚ ማስመር'ዚ ዝረገጸ ጽንዕ ዋልታ መኸተ'ዩ፡፡ ዝ ኣብ ዝቕጽል ክንብለሉ ኢና፡፡

ደራሲ ማሕሙድ ኢብራሂም፡ ነታ ተደጎል ዝሰመያ ህቡብቲ መጽሓፉ ክዘዙማ እንክሎ፡ እቲ ዝተጻሕፈትሉ እዋን ኣብ ዓመት 2000 ነይሩ፡ መጠነ ሰፊሕቲ ሳልስተ ወራራት ዝሓዘ ወራር ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ምሉእ-ብምሉእ ፈሺሉ፡ "ዓቃብ ሰላም" ዝበሃል ዝኣተወሉ እዋን'ዩ ነይሩ፡፡ ማሕሙድ፡ ነቲ ኣብ ሰለስቲኡ ወራራት - ካብ 1998 ክሳዕ 2000 ዝተኻየደ - ከም መንጸፍ ጊዲፉ ዝሃጸ ዛንታ ክዘዙሞ እንክሎ፡ "ዓቃብ ሰላም" ኣትዩ ኢልካ ሰላም ከም ዘይርከበን ዳግማይ ምምጽኡ ከም ዘይተርፍን ብምእማት፡ ተደጎልካ ምጽናሕ ከም ዘጥቅዕ'ዩ ዝእምት፡፡ እቲ ዝኾነ ደማ - ከም ንርእዮ ዘለና - ንሱ ኮይኑ፡፡ ሓደ ካብ ብልጫታት ብሉጽ ስነጥበብ ናይ ምእማት ዓቕሙ'ዩ፡፡

ናይ ሎሚ ጽሑፍና፡ በዛ "ቱታ! ቱታ!" እትብል ያታዊት ናይ መኸተ ግጥሚ - ኣብ መጽሓፉ "ማሰን መልቀሰን ቀዳሞት" ዘላ - ክንዛዘሞ፡፡ ኣዕሚቕና ክንተማቕራ፡ እዚ ዛዕባ ክንቕጽሎ ኢና፡ ንዝህልወኩም ርኢይቶ፡ ብርዕኹም ትሰስኑ፡፡

## ቱታ! ቱታ!

ሓጺን'የ በሉም ዘይፍለጽ
እምባ'የ በሉም ዘይጉዳጽ
ዕረ'የ በሉም ዘይምወጽ፡፡

ቱታ! ቱታ!
ምሳይ ዝተቓለሰ ናብ ምድሩ
ምሳይ ዝሓምበሰ ናብ ባሕሩ
ምሳይ ዝሰሓነ ናብ ጓሁሩ፡፡

ቱታ! ቱታ!
ዘይቀርጠመሉም ሓጺን ዓረ
ዘይስተየሉም ደቂ ዕረ
ማሕለኻ ሰበኣት ከም ሰበረ
ንጸላእተይ ዘበሉም እንታይ ጌረ፡፡

ቱታ! ቱታ!
ዓበለሉም ኣነ ዓበለሉም
ኑዮም ጊሽል ኣነ ደህሉም
ኑዮም ቃጭል ኣነ ደወሉም
ኑዮም ኣትማን ኣነ ገበሉም፡፡

ቱታ! ቱታ!
ሰለፊይ ዱላ
ልበይ ደልዓላ
መሻበር ጸላእተይ
መሐገስ ኣሕዋተይ፡፡

ቱታ! ቱታ!
ሰማይ ሰማይ ዝበርር ከም ኣሞሩ
ሩባ ሩባ ዝኸይድ ከም ዚጋሩ
ከወፍር ጥይት ዓኾተ
ክኣቱ ኣንበሳ ጉቲተ፡፡

ቱታ! ቱታ!
ቀጢን ከም ስልኪ
ደፋር ከም ትኪ
ከይተንከፉኒ ዘይትንኪ
ምስ ተንከፉኒ ደም ዝልኪ፡፡
ቱታ!

ኮርናዕ ግጥሚ

## ጎደና መኸተ

ህድእ ኢሉ ርጉእ ዝበለ
ብደሮና፡ ሜውጫውታ ዘይልለ፣
ብበሉ'ለኽዮ ዘይተመርገ
ብበሉዎ-ኣሉዎ ዘይተዘርገ
ርእዩኒ! ስምዑኒ! ዘይብል. . .
ፍጥር ክብል. . .
ህላወኡ ግን ዝፍገር፡፡

ሰላም መሲኡ፥ ብናጽነት ዝተኾልዐ
ኣብይ ነፊት፡ ሓርነት ዝወልዐ
ደቁ ዘይሰምዑ ደቁ እናስመዐ
ጎደና ህላወ'ዩኮ ጎደና መኸተ
ስለ ረም ዝቃለስ ተቓላሲ ሓኾተ፡፡

ኣጥፋእናካ'ብሉዎ ብዳርባ ሓጺን፥
እናሓደረ ይሰውድ፡ ይረዝን፣
ውሓጥናካ'ብሉዎ ብገጽልን ደርዘኸን፥
እናሓደረ ይህሉ ግና ይሰስን፣
ወረርናካ'ብሉዎ ሽዎን ማዕበልን፥
በሎኹ ይብል፥ ክጸ ሓውን ነድን፡፡

እንታይ እዩ ምስጢሩ፤
ንዑባ ንገሩ፤
ቀቲልናዮ እናበሉ - ሰሪሑ፣
ቀቢርናዮ እናበሉ - ዝወጽእ ፍሒሩ፤

ማዕበል'ኳ'ዩ ነድሪ
ኣሕሊፉ ዘይህብ ሰድሪ፡
ነደዱ'ኳ'ዩ ዘይቅህም ጓህሪ
ኣርሒቑ ዝጥምት ዓይኒ ንስሪ!

'ቲ ኣብይ ክምኣሕ ብፍቕዲ
ንሱን ዘራብሕ ዋሕዲ
ትሩፍ ጊዩሩዎ ቅመራ
ብዝሕን ዋሕድን ናይ ፈኸራ፡፡

ንደላዩ ናቱ - መን ይመንዩ ምናቱ፤
ኣሓትት ኣለኹ፥
እሰኪ እሸታ፣ እሰኪ ዝግታ፤
ናታ ዝጨበጠት ኢድ
መን'ዩ ዝመንዩ፥ መን'ዩ ዝበድዩ!

ስለዚ'ዩ እዚ ጎደና ዘሰቀጠ
ብጉራን ጃህራን ነይተጸቕጠ
ብቕመራ ብዝሕን ዋሕድን
ነይተንቀሳወጠ
ወትሩ ደሙ'ቹ ሕብሩ ዘይለወጠ
ሃገረይ ኢሉ ዝሽተተ
ክብረተይ ኢሉ ዝመኸተ
ስሙ ምኽሩ - 'ዚ "ጎደና መኸተ፡፡"

ኤ. ሃ. 2026

ሓዳስ
ሃ ማ መ ተ ኤ

ሓሳባት

# ኣዕኑድ ብቕዓት መንእሰይ

ስምኦን ወልደሚካኤል



ዓለም ህድግለነ ዘይብላ ናይ ረብሓን ውድድርን መድረኽ እያ። ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ኩነተ ህላወ፡ ሕብረተሰብ ዋሕሰ ረብሓታቱ ... ገዛእ ብቕዓቱ እዩ። ካልእ ዋሕሰ የብሉን። ረብሓታቱ ኣብ ምውሓስ ስንፍ ዝበለ ወይ ብቕዓት ዝጎደሎ ዘናሕሰየሉ ወይ ደንጊጹ ዝንሕፎ የለን። እዚ ሓቂ'ዚ ታሪኽናን ታሪኽ ኩሎም ህዝብታትን ደጋጊሙ ዘረጋገጸ እዩ።

ሓደ ህዝቢ ወይ ሃገር፡ ህላወኡ ከውሕስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ጎደና ዕብየት ብቑጻሊ ክምርሽ እምበኣር፡ ረብሓታቱን ረብሓታቱ ዘረጋግጸሉ መገድታትን ኣነጺሩ ክፈልጥ የድልዮ። ረብሓታትካ ምፍላጥ፡ ዕላማን ናብ ዕላማ ዘብጽሕ ስትራተጂን ኩተነጽር ዘኽእለካ ቀዳማይ ረጀሒ እዩ። ምኽንያቱ፡ ናይ ዝኾነ ዕላማ ሰረት ረብሓ እዩ። ረብሓኡ ዘይፈልጥ ራእይ ክህልዎን ዕላማኡ ኣነጺሩ ክፈልጥን ኣይክእልን። የግዳስ ረብሓታትካ ምፍላጥን ብእኡ መጠን ዕላማኻ ምንጻርን ጥራይ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ንኣድማዒ ውጽኢት ክብታኡ ወትሩ እናወሰኸ ዝኸይድ ልዑል ናይ ምቅላስ ዓቕምን ብቕዓትን ምውናን የድሊ።

መለክዒ ዓቕምን ብቕዓትን ሕብረተሰብ ካብ ዝውሰኑ ረጀሒታት፡ እቲ ቅድሚ ኩሉ ዝስራዕ ረጀሒ፡ ብቕዓት መንእሰይ እዩ። ምኽንያቱ ደምን ትንፋስን ሕብረተሰብ መንእሰይ እዩ። ሓያልን ብቑዕን መንእሰይ ዘይሓዘ ሕብረተሰብ ምዕባለ ከረጋግጽሲ ይትረፍ፡ ብህይወት ክሰርር እውን ንጋዳ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ዕድመ ንእሰነት፡ ካብ ውልቃዊ ህይወት ምምራሕ ንላዕሊ፡ ኣጸቢቑ ዝዓዘዘ ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ዘስከም መድረኽ እዩ። ህላወን ቀጻልነትን ሕብረተሰብ፡ ዕብየትን ስልጣነን ሕብረተሰብ ኣብ ብቕዓት መንእሰያት ስለ ዝምርኩስ።

ብቕዓት መንእሰይ ብሰለስተ ኣዕኑድ ኣምራት ክግለጽ ይከኣል፣ ንቕሓት፡ ውዳበ፡ ዕጥቂ። ንቕሓት፡ እቲ ቀንዲ ምስጢር ስነ ኣእምሮኣዊ ብቕዓትን ጥንካረን መንእሰያት እዩ። ንቕሓት ግን እንታይ'ዩ፧ ንቕሓት ብዙሕ መግለጺታት ኣለዎ። ታሪኻዊ ንቕሓት፡ ባህላዊ ንቕሓት፡ መሰልካን ግቡእካን ናይ ምፍላጥ ንቕሓት፡ ኣብ መንጎ ውልቃውን ሓባራውን ረብሓታት ዘሎ ዝምድናን ፍልልያትን ናይ ምርዳእ ንቕሓት፡ ምርጫታትካ ብውልቀን ብሓባርን ናይ ምፍላጥን ቀዳምነታቱ ናይ ምስራዕን ንቕሓት፡ ዕላማኻን ዘኽፍለካ ዋጋን ናይ ምርዳእን ምቕባልን ንቕሓት፡ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ናይ ምግንዛብን ምትንታንን ንቕሓት፡ ሓይልኻን ድኻምካን ብመንጽር ጸላእትኻ ናይ ምግንዛብ ንቕሓት፡ ወዘተ። ሓደ መንእሰይ፡ እቲ ዝነብረሉ ሃገርን ሕብረተሰብን ከመይ ዝበለ እዩ፤ ካበይ መጺኡ፤ ሕሉፍ ታሪኹ እንታይ'ዩ፤ መጻኢ ትጽቢቱን ሃንቀውታኡን እንታይ እዩ፤ ብዕምቁት ዝፈልጥ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ብእኡ መሰረት ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ናይ ህዝቡ ዝቑሰሞ ተመኩሮ ዘይርስዕ፡ እዋናዊ ብድሆታቱ ብመንጽር ውሽጣዊ ዘባዊን ዓለማዊን ኩነታት ኣጸቢቑ ዝርዳእ፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ንጹር ራእይን ዕላማታትን ሃልይዎ፡ ናብኡ ዘብጽሕ ቅኑዕ መገዲ ኣረጋጊጹ ዝፈልጥ፣ ብሓባር ክሓስብን ክስጉምን ዘኽእሎ ብሉጽ ባህልን ክብርታትን ዝውንን እንተ ድኣ ኮይኑ፣ ፖለቲካውን ስነ ኣእምሮኣውን ብቕዓቱ ልዑል እዩ ክብሃል ይከኣል። መዐቀኒ ብቕዓት፡ እቲ ንቕሓት ዝፈጥሮ እምነት፡ ቅሩብነትን ተወፋይነትን ስለዝኾነ። ከምዚ ዓይነት ብቑዕ መንእሰይ ዘለዎ ሕብረተሰብ ካብ ዝሓለኖ ዕላማ ክዕንቅፎ ዘኽእል ወይ መኣዝኡ ኣስሒቱ ናብ ድንጉር ሃዋህው ክሸሞ ዘኽእል ሓይሊ ኩቱ የልቦን። እዚ ረጀሒ'ዚ ምስ ዘይህሉ ግን፡ እቲ ውጽኢት ብኣንጻሩ እዩ። ስለዚ፡ ንቕሓት መንእሰያት እቲ ቀዳማይ መግለጺ ብቕዓት ሕብረተሰብ እዩ።

ካልኣይ መግለጺ ብቕዓት፡ ወዳበ እዩ። ንቕሓት ኣዝዩ ኣገዳሲ ረጀሒ እኳ እንተኾነ፡ ብዘይ ውዳበ ዋጋ የብሉን። ምኽንያቱ ውዳበ ዕላማ ንምጭባጥ ሰብን ማልን ግዜን ዘወሃህድ ቀለቤት እዩ። ንንቕሓት ናብ ጥሙርን ኣድማዕን ዕዮ ዝቕይር ወሳኒ ረጀሒ ደረጃ ውዳበ ሰብን ጸጋታቱን እዩ። ብዘይ ብቑዕ ውዳበ ዝዕወት ዕላማ የለን። መለክዒ ብቑዕ ውዳበ፡ ዝበኩር ወይ ዝግለል ዓቕሚ (ሰብ ይኹን መሳርሒ) ወይ ድማ ዝባኽን ግዜ ዘይምህላው እዩ። ትካላዊ ስርዒትን ኣሰራርሓን ድማ እቲ ካልእ ተወሳኺ መግለጺኡ እዩ። ዝተወደበ መንእሰይ ክፈጥሮ ዘኽእል ሓይልን ኣድማዕነትን፡ ካብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ንላዕሊ ዝምስክሮ የለን። ምኽንያቱ፡ ከም ህ.ግ. ገይሩ ንዓቕሚ ሓደት ህዝቢ ናብ ፍጹም ዘይጽገድ ሓይሊ ክቕይር ዘኽኣለ ፖለቲካዊ ውድብ፡ ኣብ ዓለምና ተራእዩ ኣይፈልጥን። ትማሊ ይኹን ሎሚ መንእሰይ ኤርትራ፡ ብዘይ ዘኾነ ደገፍ ኣብ ዓቕሙ ተኣማሚኑ ንኹሉ መሰገደላት ሰጊሩ፡ ኣንጸባራቒ ታሪኽ ክሰርሕ ዘኽኣሎ ጸጋ፡ ስጡም ሓድነቱን ኣዝዩ ውዱብ ሱታፌኡ ኣብ ሃገራዊ ጉዳይን እዩ።

ሳልሳይ መግለጺ ብቕዓት ዕጥቂ እዩ። ዕጥቂ ዕላማኻ ንምዕዋት ክትውንኖ ዘለካ ዝተፈላለየ መተዓየዩታት እዩ። ዕጥቂ ረቂቕን ግኡዝን ኢልካ ኣብ ክልተ ከፈልካ ክርኢ ይከኣል። እቲ ረቂቕ ... ኣእምሮ ወዲ ሰብ እዩ። መርኣያታቱ ድማ፡ ኣካዳምያውን ሞያውን ፍልጠት፡ ዲሲፕሊን፡ ባህልን ክብርታትን ዝኣመሰለ እዩ። እቲ ግኡዝ ዕጥቂ ዝበሃል፡ ኣብ ዘዝተዋፈርካሉ ዓውዲ፡ ዕማምካ ብኣድማዕነት ክትፍጽም ዘኽእለካ መተዓየዩታት እዩ። ጉልበት ሰብ፡ ገንዘብ፡ ዝተፈላለየ ተክኖሎጂ፡ ፈኩስን ከቢድን ኣጽዋር፡ ወዘተ።



መንእሰይ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ውዳበን ሃልዩዎ፡ ብቕዓትን ዘመናውነትን ዝሓለወ ዕጥቂ ወይ መሳርሒ ዘይብሉ እንተኾይኑ፡ ናይ ምግባር ዓቕሙ ድሩት እዩ። ኣብዚ ናይ ግብትናን ውርውራን ዓለም፡ ንቕሓት ምህላውን ረብሓታትካ ምፍላጥን ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ረብሓታትካን መሰልካን ክትሕሉ ዘኽእለካ ረቂቕን ግኡዝን ዕጥቂ የድልየካ። ዕጥቂ ብዕጥቂ ብሉጽን ተወዳዳርን ዕጥቂ። እንተ ዘይኮይኑ ዕጥቂ የብሉን ወይ ዓቕሙ ትሑት'ዩ ኢሉ፡ ብድንጋጸ መሰልካን ረብሓታትካን ዝሕልወልካ ዓለማዊ ሕጊ የለን።

ንምዝኽኻር ዝኣክል ድኣ እምበር፡ እዚ ሓቂታት'ዚ ኤርትራዊ መንእሰይ ቀደም እዩ ዝፈልጦ። ቀዳሞት ኤርትራውያን መንእሰያት መሰል ህዝቦም ንምርግጋጽ ሓርነታዊ ቃልሲ ከበግሱ እንከለዉ፡ ካብዚ ልክዕ ግንዛበ'ዚ እዩ ነቒሎም። ከም ዝዝከር መሪሕ ጭርሖ ህ.ግ.ሓ.ኤ. "ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ!" ዝብል እዩ ነይሩ። በቶም ናይቲ መድረኽ'ቲ መንእሰያት፡ ኣብ ግብሪ ውዒሉ ድማ፡ ብውሑድ ሰባውን ነገራውን ጸጋታት ተኣምራታዊ ክትብሎ ዘድፍር ድንቂ ታሪኽ ሰሪሑ። ናይ ድሕሪ ናጽነት መንእሰይ እውን ነዚ መስመር'ዚ ተኸቲሉ፡ ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት ይኹን ኣብ ህንጸት ሃገር ካልእ ተወሳኺ ብርቂ ታሪኽ ኣብ ምስራሕ ይርከብ ኣሎ።

ብሕጂ እውን፡ ብቕዓት ሕብረተሰብ ብደረጃ ንቕሓት፡ ውዳበን ዕጥቅን መንእሰያት እዩ ክምዘን። መንእሰይ ህላወን ምዕባለን ሕብረተሰቡ ከውሕስ፡ ረብሓታቱ ብንጹር ክፈልጥ ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ብጥምረት ናብ ዕላማኡ ክግስግስ ዘኽእሎ ሓያል ውዳበ፡ መሰሉን ረብሓታቱን ዝከላኸለሉ ዕጥቂ የድልዮ። እቲ እንኮ ብዓወት ዘመርሽ መስርሕ ወይ ኣገባብ ንሱ ስለዝኾነ፡ ተመሳሲልካን ተመሻኺንካን፡ ወይ ጎባልል ኣያታት ሒዝካ ወይ ድማ ኣብ እምባ ተጸጊዕካ፡ ህላወኻን ረብሓታትካን ምውሓስ ዝከኣል ዝመስሎም የዋሃት ኣይሰኣኑን ይኾኑ። እዚ ግን ሰፊሕ ርእየተ ኩርናዕ ካብ ዘይምህላው ዝነቅል ሰንኩፍ ኣተሓሳስባ እዩ። እቲ ክዉን ሓቂ ትማሊ፡ ሎሚ፡ ጽባሕ ፈጺሙ ዝቕየር ኣይኮነን። ዋሕሰ ዓወትን ክብረትን ገዛእ ብቕዓትካ እዩ።

ከም ዝፍለጥ ሃገር ማለት፡ ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ጸጋታቱ ኣሕቢሩ፡ ስልጣነ ንምጉንጻፍ እተወደበ ናይዚ ዘለናዮ ዘመን ዝዓበየ ጥርናፈ ደቂሰብ እዩ። ምስጢር ስልጣነ ከኣ ካልእ ዘይኮነ፡ ብሓባር ምሕሳብን ንናይ ሓባር ዕላማ ብዝተወደበ ኣገባብ ምዕያይን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ውዳበን ጥርናፈን መግለጺ ዘለዎ ንቕሓት ወዲሰብ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ንዓቕምኻ ብዕጽፍታት ዘራብሕ ጥምረትን ውዳበን ምውናን፡ እቲ ቀንዲ መፍትሕ ምዕባለ እዩ። በዚ ድማ መንእሰይ ኤርትራ፡ ነዚ ጸጋ'ዚ ማለት ንጥሙር ሓሳብ፡ ሓያል ውዳበን ሓጺናዊ ዲሲፕሊንን ዕጥቅን ክውንን ብምብቅዑ፡ ነቲ ቀንዲ መፍትሕ ምዕባለን ብልጽግናን ድሮ ኣብ ኢዱ ጨቢጥዎ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ዝሓለፈ ጉዕዞና ንቕሓት፡ ውዳበን ዕጥቅን ሃገራዊ መንእሰይ ክሳብ ክንደይ ሓይሊ ከም ዝፈጥር ብግብሪ መስኪሩ እዩ። እዚ ተመኩሮ'ዚ ቀንዲ ምስጢር ቅያታትናን ዘሐብን ሃገራዊ ታሪኽናን ኮይኑ፡ ሕጂ እውን ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ዘመዝግቦ ዘሎ ውጽኢት፡ ብመንጽር መለክዒ ግስጋሰ ናይ ብዙሓት ሃገራት፡ ኣዝዩ ብርቂ ተርእዮ እዩ። ሞጎስ ነቲ ወናኒ ብሉጽ ክብርታት፡ ንቑሕ፡ ውዱብን ወትሩ ዕጡቕን መንእሰይ ኤርትራ!



ናድነት ደስበለ - ሓበን ገብረአምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፍረወደኒ ካሕሳይ ንብረሂወት፡ ብዮል ቤተይ ተኽለ ኣብርሃ ንብረኣዝኣብሀር ስለዘየረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቓና ከኣ ወረሰቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለ ዝበሉ፡ ዝቓወም እንተሉ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋጺያ ይቕረቡ፡

ዐቕባይ ንብረገርሽ ምሃየኹ፡ ሓወይ ሶመረ ንብረገርሽ ምሃየኹ ስለዘየሰወኡ፡ ንብዮልቲ ቤቱ ናይ መጽምዲ መሳላ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረሰቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቓወም እንተሉ፡ ን08/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋጺያ ዕ/እኽሊ ይቕረቡ፡

ወ/ሮ ኩብራ ከሰተ ይኽሉ፡ ብዮል ቤተይ ተሰፉገርሽ ሃደለማርያም ታፍላ ስለዘየረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ህሉዋት ደቅና 1 ነ/ፍ ሳምሳም ተሰፉገርሽ ተተካኢት 1 ጓሉ ከኣ ወረሰቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቓወም እንተሉ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋጺያ ቁ.32 ይቕረቡ፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ኑብያት ሃብተጴን ኣሰፈኡ ብዮል ቤተይ የማነ ሃብትኣብ መብረሃቱ ስለዘየሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቂ ድማ ወረሰቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለ ዝበሉ፡ ዝቓወም እንተሉ፡ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

### 1ይ ቤት -ፍርዲ ኣፍዓበት

ሓምድ ማሕሙድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ማሕሙድ ዓሊ ተጣሊሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበሉ፡ ዝቓወም እንተሉ፡ ን4/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣብ ዞባ ደብብ ን/ዞባ ድባርዋ፡ ዓዲ/ኩላማ ምስላም ብዙጽሪ ፍቓድ ንግዲ 00011842 ቁጽሪ መዝገብ 02/26 ዝርከብ ናይ ጎሚስታን መሕጸቢ መሳይንን ትካለይ፡ ንወሮ/ ኣሰቴር የማነ ተሰፋዝጊ፡ ኣድራሻ ድባርዋ ዞባ ደብብ ን/ዞባ ድባርዋ ዓዲ/ኩላማ ምስላም ብዕለት 26/10/2026 መዝ 02/26 ብወሳብቶ ስለ ዝሃብክዋ፡ ብዝም መሃቢ ዝኾፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኢኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቓወም ኣካል ከምዘየለ ተቑጺሩ ናብ ሰም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ኣዜብ ሃብተሚካኤል

ንጽና ኳዮሊክ መንበረ ጽጽስና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ክባቢ 02 ቲራፕሎ ፕሎት 131 ፓርሰል 1 ዝርከብ ስፍሓት 272.50 ት/ሜ ብሰምና ተመዘጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዙ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁ.ንበረት 1፡013577 ዝተመዝገበ ስለ ዝጠፈኣና፡ ረኺቦ፡ ወይ ብዕዳ ሒዙ ዝበል እንተሉ፡ ብቁጽሪ ተሌፎን 120206 ክሕብረና፡ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክወሃበና ክንሓትት ምኳንና ንገልጽ፡፡

ኳዮሊክ መንበረ ጽጽስና

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ኩላማ ዓዲ ቐይሕ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ DAL-0751 ቁጽሪ መዘገብ DAR 0879 ዝርከብ ናይ JH5-JLO ትካለይ፡ ንመሮ/ልዋም ተኽሉብርሃን ንብረየሰቱ፡ ኣድራሻ ዓዲ ቐይሕ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ኩላማ ዓዲ ቐይሕ ብዕለት 7/08/2026 መዝ 81/2026 ብወሳብቶ ስለ ዝሃብክዋ፡ ብዝም መሃቢ ዝኾፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኢኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቓወም ኣካል ከምዘየለ ተቑጺሩ ናብ ሰም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ሓጎሽ ሃይለ እምኑ

ብዝም ኤልሳ ኣርኢያ ንብረመድህን፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00042575 ዝቮኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ 45 ዝርከብ ናይ ድኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣፎምያ ማሪቆስ ንብረማርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ዳዕሮ ቁ.ገዛ 72፣ ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኾ፡ ዝቓወም ምስ ገዘሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰሳሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቓወም ኣካል ከምዘየለ ተቑጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዘጓ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኤልሳ ኣርኢያ ንብረመድህን

ብዝም ኤልሳ ይሕደን ንብረ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00000625 ዝቮኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓመሳ ጎደና ማይ በላ ቁ.ገዛ 18 ዝርከብ ናይ ቤት መሶቱ ትካለይ፡ ንኣቶ ታድኤል ኪሮስ ሃይሉ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣቦኻውል ጎደና እምባታሪኻ ቁ.ገዛ 02 ካብ ዕለት 01/09/2026 ክሳብ ዕለት 31/08/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኾ፡ ዝቓወም ምስ ገዘሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰሳሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቓወም ኣካል ከምዘየለ ተቑጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዘጓ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኤልሳ ይሕደን ንብረ

### ን3ይ ግዜ ዝወጽኡ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ. (በርበረ ምስ ቀመመ፡ ጨውን ምስንኳት ሜኒን)
ዓዳጊ፡- ጨ/ሚ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥን ጽሙማን ከረንን)
ኣርእሰቲ ውዕል፡ (ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ.)
ኣገባብ ዕድጊ፡- ክፋት ጨረታ (ሃገራዊ)

ንጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥን ጽሙማን ከረንን) ን ዓሙተ 2027 ካብ መርሐ. 01/2027 ክሳብ መርሐ. 12/2027 ንተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥን ጽሙማን ከረንን ዝውዕል ቀረብ መግቢ. ከሎጊርት ስለ ዝደለና፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ( ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥን ጽሙማን ከረንን) ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ. (በርበረ ምስ ቀመመ፡ ጨውን ምስንኳት ሜኒን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓሙተ 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓሙተ 2025 ክሊራንሰን መንኮ ወረቐትን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ቁ.ቴሌፎን 402289 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ዕለት 18/11/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ወይ ቀድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንገዱ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን፡ ክሳተፉ ዝደሊ ሱብን ሰነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ዕለት 18/11/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid security) (cpo) 50,000.00 ናቕፋ ክህሉ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘለኣዘዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥ) ብምሉኡ ወይ ብኽፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ጨ/ሚ/ ትም/ዞባ ዓንሰባ
ተሌ. 402289,402290



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

ሓዳስ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ከሳኒት መርየም መሓመድዓሊ ሰሊማኑ ተጸዋጊ ሳልሕ መሓመድኑር ሰዓድ፡ ደጽ የብልናን ስለ ዝበሎት፣ ተጸዋጊ ብኡካል ወይ ብኪዋዊ ወከል ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረበ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብዘለኻኹ ክረኣ ምኽኑ ሃፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኣበርጋት ተኽለ ተኽለዝቢ፡ ብዮል ቤተይ ኪዳነ ተኽለሞርያም ንብረሚኤል ስለዘህነወኡ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኽናም ደረጋጊሉም ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን4/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረቡ።

ሚሚ ኣሚነ ደልማ ምባል ተሪፉ፡ ኣኽበረት ኣሚነ ደልማ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ቁ.49 ይቕረቡ።

የሳፍ ሰዩም ሰለሞን ምባል ተሪፉ፡ የሳፍ ሰዒድ ሰሊማን ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎ፣ ዝቀመም እንተለ። ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ንሃነቲ ሃብተሚኤል ወልደስላሴ፡ ብዮል ቤተይ ደጎል ምእለክ ካሕሱ ስለዘኾረፉ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኽናም ደረጋጊሉም ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ኣቶ ሃብተኣብ ኣርኣያ ዓንደሚኤል፡ብዮልቲ፡ቤተይ ተሸንተ ለተግህረት ኪዳነ ባህረ ስለዘህነወኡ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 3 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኽናም ደረጋጊሉም ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋኺያ ቁ.32 ይቕረቡ።

ዘኪብ ተኽለ ኪዳኑ ብዮል ቤተይ ደጎል ምእለክ ካሕሱ ስለዘኾረፉ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኽናም ደረጋጊሉም ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

የሳን ርእሶም መዎዚኡ፡ ሰም ኣደይ ንብርኤል መሳፍን ምባል ተሪፉ፡ ንብርኤላ መሳፍን ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

መሳዙላ ገረፃ ዘርኢ ምባል ተሪፉ፡ ምስጋና ገረፃ ዘርኡ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ተሸሰኒ ቢንያም ተሰፋይ መሓረ፡ ብዘኽኒት ኤደን እስቲፋኖስ ሃጺኡ፡ ንጹይ ሓዲር ዝምልከት ክሲ ቀረብልካ ስለዘሎ። ብኡካል ወይ ብኪዋዊ ወከል ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ቀረቡ። እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብዘለኻኹ ክረኣ ምኽኑ ሃፍልጥ።

ወ/ሮ ሻለም ዳኒኤል ኣበርኔ፡ ዓበይ ኣበርሃጽዮን ተኽለ ሃደሉ ስለዘኾረፈት፡ ኣነ ንወላዲተይ ተክእ ሓፍታ ወ/ሮ ትዋእቲ ተኽእኑ ኪዳነ ደማ ናይ ሓፍታ ወረስቲ ምኽንና ደረጋጊልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ያፊት ሰለመን ተኽሉ፡ ኣደይ ሳብ ኣባይ ኣብርሃ ስለዘኾረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኽንና ደረጋጊልና ስለ ዝበሎ፣ ዝቀመም እንተለ። ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋኺያ ቁ.47 ይቕረቡ።

ተጸዋጊ ኣለማጹ ኣምላኑ ቦጋሉ ብኡመልኣቲት ኤልሳ በርሀ እምባዩ ንጉዳይ ሞዝነት ዝምልከት ምልክታ ቀረብልካ ስለዘሎ። መልሲ ሒዝክ ብኡካል ወይ ብኪዋዊ ወከል ን9/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ቀረቡ። እንተዘይቀሪቡ ጉዳይካ ኣብዘለኻኹ ክረኣ ምኽኑ ሃፍልጥ።

ጅራ ሚጣይ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ጀርም ሚጣይ በርሀ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ሄርሞን ዘርኢይ፡ ብዮል ቤተይ ዳኒኤል ተወልደ ደበስ ስለዘኾረፈ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 3 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኽናም ደረጋጊሉም ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳኒት ወ/ሮ ኤልሳ ንብረሚኤል ኣንዶም፡ ተሸሰኒ ኣቶ ብርሃነ ተኽለ ባህረ፡ ናይ ሓዲር ክሲ ቀረብልካ ስለዘሎ። ብኡካል ወይ ብኪዋዊ ወከል ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብዘለኻኹ ክረኣ ምኽኑ ሃፍልጥ።

ፍዮሪ ሰልጣን ምባል ተሪፉ፡ ፍዮሪ ሰልጠ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ዑቕባ ኪዳነ ዑቕቡ፡ ብዮልቲ፡ ቤተይ ሓዲስ ትርፈ ኣቦይ ስለዘኾረፈት፡ ኣብ ዝንቀኑቑስ ይኹን ዘይንቀኑቑስ ንብረት ነካ ገዝዘብ ኣነ ጥራይ ወረሰ ምኽነይ ደረጋጊለይ ስለ ዝበሎ፣ ዝቀመም እንተለ። ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ሃብተሚርያም ፍቓዱ ሓሸለ ምባል ተሪፉ፡ ሃብተያም ፍቓዱ ሓሸለ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎ፣ ዝቀመም እንተለ። ን4/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ሰዮዳ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ሰዒድ ኢብራሂም ሳልሕ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎ፣ ዝቀመም እንተለ። ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ት/ዕድመ ሚርሚና ምሕረትኣብ ጺጋይ ምባል ተሪፉ፡ ኣርኴማ ምሕረትኣብ ጺጋይ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍያ ይቕረቡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣሕመድ ዑሶማን ዓሊጉይይን ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ ዑሶማን ዓሊ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎ፣ ዝቀመም እንተለ። ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ወከኦት ተኽለ ትክእ ምባል ተሪፉ፡ ወከኦት ባይርኡ ከሱተ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቐርደት

ኰጅር ሐመድ ሼኽ ምባል ተሪፉ፡ ኰጅር መ/ድ ሼኽ ተዛሊኡ ይተኣረመሊዩ ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ወ/ሮ ኣልጋሸ ንብረሰላሴ ኪዳኑ፡ ኣቦ ደቂይ ዐቕየሚኤል ሲረቐ ኣድሓናም ስለዘኾረፈ፡ 10 ደቅና ጥራይ ኣብ ዝንቀኑቑስ ይኹን ዘይንቀኑቑስ ንብረት ወረስቲ ምኽናም ደረጋጊሉም ስለ ዝበሎት፣ ዝቀመም እንተለ። ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

